


# ባንዴራና
# ገላጺት መንነትና




**ባንዴራና ሓድጊ ጀጋኑ**
**ንዓኺ ክንደሊ መሬት ብእዋኑ**
**ንዓለም ዘመስከረ ቃልስና ምስወኑ**
**ንኣባይ ዘባረረ ኣውጺኡ ዕርቃኑ**

ብኣኺ ምሒልና ገዲፍና ንኹሉ
ከም ማይጸሎት ምህጻፍና ጽሓዩ ሃሩሩ
ወሪድና ደይብና  ዓቐበቱ ቁልቁሉ
ቀያሕቲ ንኸፍል ክንሰግሮ መስገደሉ
ባንዴራና  ንዓኺ እኮ'ዩ እዚ ኩሉ  !

ምስጢርና ኣሎ ኣብ ከርስኺ
ግርማና ኣሎ ኣብ ሕብርኺ
እቲ ዊንታና ኣሎ ኣብ ሻማኺ
ኣረ  ታሪኽና ሓ ብሪ ባዕልኺ
ሓቅነትና ዝወረቐ ኣብ ዘንግኺ ፡

ንስኺ ዕንግሎትና ክንዲ መግቢ
ከይንቖርር ክንዲ ክዳን ቅጭን ጋቢ
ትሕዝቶኺ ወላው'ን ይሓድ ግን ኣዕጋቢ
ንሰግደልኪ'ወ ክንዲ ኣምላኽ ክንዲ ረቢ ፡

ሰራውርኪ ኣብ ልብና ዝቦቐለ
ጉንድኺ ብርሃጽና ዝደልደለ
ቆጽልኺ ብደም ጀጋኑ ዝጠለለ
ስፍራኺ በዕጽምቲ ጀጋኑ ዝተኸለለ
ፈራይት ሓቂ ምኣዛኡ ኣዝዩ ዝመቀረ
ብዘይ ኣፈላላይ ንኹሉ ብማዕረ ዘድረረ ፡

መን እዩ'ስከ  ንዓኺ ዝደፍር ?
ጀህራ ዝስንቁ  እንቅዓ ዝዓፍር
ብዕንጋሎት ትኳቦ ኣሎኹ ዝብል
ንክኽድም'ኢሉ ክብረቱ ዘጉድል
ዓለም ዝኸዓቦ ብሓሶት ክምሕል
ወያነ ዝብልዎ ድያብሎስ ሰብመሰል ፡
በየናይ ዓቕሙ ደባትኪ ክሰግር ?

ከይተበገሰ ኣብኣ ኣእጋሩ ክስበር
ስዕረት ተሰኪሙ ኣመና ንክሓፍር
ምሒለ'ኣለኹ ስጋ እግሪ-መኸል ፡

ባንዴራና ኣምበልብሊ ስኽፍ ኣይበልኪ
ንሕና ግርማኺ ንሕና ኣምባርኪ
ንሕና ምስግነትኪ ንሕና ስልማትኪ
ንሕና ትንፋስኪ ንሕና ሂወትኪ
ንሕና ድርዕኺ ንሕና ዋልታኺ
መኸተና ኩሉ ምእንታኺ ስለኺ
ብዘይ ስክፍታ ምረጺ'ቲ ድላይኪ
መኸተና ንህላዌኺ ንኽብርኺ ፡

ባንዴራና ኣምበልብሊ ኣምበልብሊ
ኣብ ልዕሊ መቓብር ጸላእትኺ ፡

መኸተና ከምወትሩ ትዓዋቲ'ዩ
ህላወና ክኣ ንዘልኣለም ነባሪ'ዩ

ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና !!!

**ዓወት ንሓፋሽ !**

መድሃኔ ተስፋኣለም ፡